# ሕጊ ብኩራት

ውላድካ ምዓልታዊ ናብ ቤት ትምህርቲ ክመጽእ ናትካ ናይ ወላዲ ሓላፍነት እዩ። ዘይሕጋዊ ብኩራት ውላድካ ነቲ ንቆልዑን መንእሰያትን ተባሂሉ ዝወሃብ ሓገዝ ክትስእኖ ትኽእል ኢኻ።

## ሕጊ ብኩራት ንመን ይምልከት?

ሕጊ ብኩራት፡ ንኹሎም ኣብ ሲልከቦርግ ኮሙነ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ዝመሃሩ ተመሃሮ  ይምልከት፡

### ዘይሕጋዊ ብኩራት ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ዘይሕጋዊ ብኩራት ማለት፡ ውላድካ ከይሓበረን ካብ ቤት ትምህርቲ ፍቃድ ከይተዋህቦን ብኢደ ወነኑ ካብ ትምህርቲ ምስ ዝቦክር ማለት እዩ፡ ሕጋዊ ብኩራት ከኣ ንኣብነት ሕማም ምስ ዘጓንፍ እዩ።

### ምኣስ እዩ ወደይ ኣብ ገዛ ክውዕል ዝፍቀዶ?

ዝሓመመ ቆልዓ ኣብ ገዝኡ ክውዕል ይፍቀዶ እዩ እታ ዝሓመመላ ምዓልቲ ንቤት ትምህርቲ ምሕባር  ክዝከር ዘለዎ እዩ።
ናብ ሓኪም ወይ ናብ ሓኪም ስኒ ቆጸራ ምስ ዝህልዎ ክኸይድ ፍቁድ እዩ፡ ከምኡ ውን *ብፍሉይ ተራእዩ* ከም ሕጋዊ ብኩራት ዝፍቀድ ኣሎ፡ ንምሳሌ ናይ ስድራቤት ዓቢ ጉዳይ ምስ ዝህሉ፡ እዚ ግን ቤት ትምህርቲ ተሓቢሩ ፍቃድ ምስ ዝህብ ጥራሕ እዩ። እንተድኣ ቤት ትምህርቲ ፍቃድ ዘይህበ ግን  ከም ዘይሕጋዊ ብኩራት እዩ ዝቁጸር።

### ምኣስ እዩ ዘይ ሕጋዊ ብኩራት ቁጠባዊ ሳዕቤን ዝህልዎ?

ውላድካ ኣብ ውሽጢ ሰለስት ወርሒ 15 ሚእታዊ  (15%) ዘይሕጋዊ ብኩራት ምስ ዘመዝግብ ማለት (ጥሪ የካቲት መጋቢት)፡ (ምያዝያ ግንቦት ሰነ)፡ (ሓምለ ንሃሰ መስከረም) (ጥቅምቲ ሕዳር ታሕሳስ) እቲ ንቆልዑትን መንእሰያትን ተባሂሉ ዝወሃብ ጥቅሚ ትስእኖ ።

ኣብ ውሽጢ ሰለስት ወርሒ 15 ሚእታዊ  (15%) ዘይሕጋዊ ብኩራት ማለት ካብ 6-9 መዓልታት ማለት እዩ፡
ብዝሒ ናይ ትምህርቲ መዓልታት ይፈላለ እዩ፡ ምኽንያቱ ንምሳሌ ሓምለ ንሃሰ መስከረም  15% ብኩራት 6 መዓልታት ማለት ክኸውን እንከሎ ኣብ ጥሪ የካቲት መጋቢት ግን 9 መዓልታት እዩ ዝኸውን።

**ተወሳኺ ኣብ ዝቕጽል ገጽ ኣንብብ >**

## ሰለስት ዓይነት ብኩራት፡



ብምኽንያት ሕማም ወይ ውን ዓቅሚ ምስ ትስእን



ካብ  ሓለፍቲ ቤት ትምህሪቲ  ፍሉይ ፍቃድ ምስ ዝህሉ፡



እዚ ዘይሕጋዊ ብኩራት እዩ።

## ወደይ ዘይሕጋዊ ብኩራት ከምዘለዎ ከመይ ጌረ ክፈልጥ እኽእል?

ውላድካ ዘይሕጋዊ ብኩራት ምስ ዝገብር ሓለፍቲ እቲ ቤት ትምህርቲ ብቕጽበት ክራኽቡኻ እዮም።

እንተድኣ ውላድካ ሰለስተ ወርሒ ኣብ ዘይመልእ እዋን 10% ዘይሕጋዊ ብኩራት ጌሩ፡ መጠንቀቕታ ይወሃበካ፡ እዚ ማለት ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ዘይሕጋዊ ብኩራቱ 15% እንተድአ  መሊኡ፡ እቲ ንቆልዑን መንእሰያትን ዝወሃብ ጥቅሚ ክተርፈካ ምኳኑ የጠንቅቑኻ።

## እንታይ እዩ እቲ ዝመጽእ ሳዕቤን እንተድኣ ውላይ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ 15% ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዘይሕጋዊ ብኩራት ጌሩ?

ውላድካ እንተድኣ 15% ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዘይሕጋዊ ብኩራት ጌሩ ንምሳሌ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ (ጥሪ፡ የካቲት፣ መጋቢት) እቲ ዝምልከቶ ኮሙን ንቆልዑን መንእሰያትን ተባሂሉ ዝወሃብ ጥቕሚ ንሰለስተ ወርሒ ንኸይትወሃብ ደው ከብሎ ይኽእል።

## ቅድሚ ኮሙን ነቲ ንቆልዑን መንእሰያትን ተባሂሉ ዝወሃብ ጥቕሚ ደው ከብሎ ምውሳኑ ወደይ ካብ ትምህርቲ መብኮሪኡ ምኽንያት ክገልጽ ዕድል ኣሎኒ ድዩ?

ቅድሚ  እቲ ዝወሃብ ደው ክብል ምውሳኑ እቲ ብኩራት ሕጋዊ ድዩ ኣይነበረን ንምፍላጥ ኮሙን ንወለዲ ይሓትት እዩ። ውላድካ ካብ ወዲ 12 ዓመት ንላዕሊ እንተኮይኑ ብኮሙን ክሕተት ይኽእል እዩ።

## ንምንታይ ጥቅሚ እዩ ሕጊ ብኩራት ክህሉ ተደልዩ?

ብኩራት ምስ ዝህሉ ነቲ ዝወሃብ ስሩዕ ትምህርቲ ምክትታሉ ስለ ዘጸግም እዩ፡ ቤት ትምህርቲ ከኣ ንናይ መጻኢ ህይወት ውላድካ ኣገዳሲ  እዩ፡ ብኩራት ውላድካ ሓደ ካብቲ ኣካል ናይ ሓበራዊ ናብራ ቤት ትምህርቲ ዘይምኳን እዩ ዘር ኢ፡ እዚ ሕጊ ብኩራት እንበኣር ወላዲ ንውሉዱ  ሰጥ ኢሉ ትምህርቱ ይከታተል ምህላዉ ንምርግጋጽ ዝኽእል መስርሕ እዩ።

## እቲ ቤት ትምህርቲ ንውላደይ ብኸመይ ክሕግዞ ይኽእል ?

ውላድካ ቤት ትምህርቲ ዘይከደሉ ዘሎ ምኽንያት ምናልባት እቲ ትምህርቲ ንምክትታሉ ስለ ዝብርትዖ ክኸውን ይኽእል፡ ወይ ውን ገለ ጸገማት ኣብ ክፍሊ ቤት ትምህርቱ ወይ ኣብ ካልእ ክህልዎ ስለ ዝኽእል፡ ምስ ቤት ትምህርቲ ብምርኻብ ብሓባር  ኮንኩም ጸገም እንተሎ ትፈልጡን መፍትሒ ተናድዩሉን: 'ቤት ትምህርቲ ንውላድካ አዝዩ ኣገዳሲ' ምኳኑ ክዝከር ዘለዎ  እዩ።

?

**ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ እኽእል?**

ብዛዕባ ብኩራት ውላድካ ንምፍላጥ ንቤት ትምህርቲ ተራኸቦም
ብዛዕባ ሕጊ ንምፍላጥ ኣብ'ዚ መርበብ ተወከስ፡ uvm.dk/fravær.

መንነትካ ከይመዝገቡ ውላድካን ስድራቤትን ሕጉስ ናብራ ንምንባር ዘኽእል ምኽሪ ካብ ኮሙን ክትረክብ ይከኣል፡፡
ናይ ትቅመጠ ኮሙን ኣድራሻን ስልክን ኣብዚ መርበብ ክትረኽቦ ትኽእል፡

borger.dk/familie-og-boern/Brug-for-raad-og-hjaelp/Familieraadgivning-og-akut-hjaelp